# ኣብ ሰብኡት ብብዝሒ ዝርኣዩ ምልክታት ካንሰር፡



## ታሕተዋይ ክፋሊ ረጉድ ማዓንጣ (ማዓንጣ)

- ደም ዝተሓወሶ ቀልቀል (ቀይሕ ወይ ጸሊም)
- ደገ ዘይብልና እንከሎ ደገ ክንወጽእ ምድላይ
- ምቅይያር ዓይነት እቲ ቀልቀል፡ ድርቐ ዝበለ ወይ ፈሳሲ ዝኾነ (ኣብ ሞንጎ ድርቀትን ውጽኣትን ዝቀያየር)
- ቀጻልነት ዘለዎ ናይ ከብዲ ቃንዛ

## ፕሮስቴት

- ቃንዛ ወይ ዘቃጽ ስምዒት ኣብ ምሻን
- ናይ ምሻን ጸገም
- ድኽመት ትኒን ኢሉ ዝወጽእ ሽንቲ
- ብተደጋጋሚ ናይ ምሻን ድልየት
- ደም ዝተሓወሶ ሽንቲ
- ቃንዛ ወይ ደም ኣብ ምፋሳስ ዘርኢ ወድ ተባዕታይ

## ሳንቡእ

- ካብ 4 ሰሙን ንላዕሊ ዝጸንሐ ስዓል
- እንዳ ገደደ ዝኸይድ ሕዱር ስዓል
- መድሃኒት ተወሲዱዎ ዘይሓዊ ረኽሲ ናይ ሳንቡእ
- ደም ዝተሓወሶ ዓኽታ
- ኣስካላ ኣብ ምድያብ ዘጋጥም ዘይተለመደ ጸገም ናይ ምስትንፋስ
- ቃንዛ ኣብ ኣፍ ልቢ

## ቆርበት

ኖርማል ማከያ — ከምርመር ዘለዎ ማከያ



- ስሩዕ ቅርጺ?
- ወሰን ናይቲ ማከያ ብርኡይ ዝፋለ?
- ኣብ ኩሉ ሓደ ዓይነት ሕብሪ (ናይቲ ማከያ)?
- ለውጢ ናይ ስፋሓት? ናይ ቅርጺ? ናይ ሕብሪ? ናይ ርጉዲ (ቀጸላ)?

ሓደ ካብዞም ምልክታት እንድሕር ተዓዚብኩም፡ ካንሰር ኣለኩም ማለት ኣይኮነን!

ንኽትምርመሩ ምስ ሓኪም ቆጸራ ግበሩ!

# መርመራ ካንሰር (ምንሸሮ) ናይ ማዓንጣ (ታሕተዋይ ክፋሊ ረጉድ)

ዕድመይ 50 ዓመት ወይ ካብ 50 ዓመት ንላዕሊ ስለዝኾነ ብሓኪም ክርአ ወሲነ ኣለኹ!

ምስ ብዓል ሞያ ጥዕና ኮይነ ፎርም (ቅጥዒ) ይመልእ ካብኡ ኣብ ቀልቀል ደም እንተሃሊዩ ንምርኣይ ዝሕግዝ መመርመሪ ይቐበል!

እቲ መርመራ (ቴስት) ኣብ ገዛይ ባዕለይ ይገብሮ ቀጺለ በቲ ዝውሃበኒ መዐሸጊ ናብ እንዳ ቤተ-ምርምራ (ላብራቶሪ) ይሰዶ

ውጽኢት ድሕሪ ሰሙን ብፖስጣ ይቐበል!

- እቲ መርመራ ኖርማል (ጽቡቕ) እንተድኣ ኾይኑ፡ ድሕሪ 2 ዓመት ደጊመ ንኽምርመር ዝሕብር ወረቐት ይቐበል!
- እቲ ውጽኢት መርመራ ኣብ ቀልቀል ደም እንድሕር ኣርእዩ ፡ ብተወሳኺ ብማሃንቱስ ዝኣቱ ካሜራ (ኮሎ ስኮፒ) ንኽምርመር ናብ ሓኪመይ ይድውል፧ ሓኪም ዘይፈልጥ እንተድኣ ኾይነ እቲ ኣብ ካንቶን ሾ ዝርከብ ትካል ናይ መርመራ ካንሰር ይተሓባበረኒ

እዚ መርመራ ንኽገብር ከባቢ 5 ፍራንክ ጥራይ ይኽፍል፧ እቲ ዝተረፈ ወጻኢታት በቲ ትካል መድሕን ናይ ጥዕና ይሸፈን!

እቲ ብማሃንቱስ ዝኣቱ ካሜራ (ኮሎ ስኮፒ) መመርመሪ ከም መጀመርያ ኮንትሮል ካንሰር (ምንሸሮ) ናይ ማዓንጣ ክምረፅ ይካኣል እዩ!

# ምእንተ ረብሓ ጥዕናኹም ማዓልታዊ ክትገብርዎም ትኽእሉ ነገራት፡

ናይ እግሪ ጉዕዞ ብውሕዱ ን 30 ደቒቕ ግበሩ!

5 ፍሩታን ኣሕምልቲን ብልዑ!

ካብ 1 ቢኬሪ ንላዕሊ ኣልኮል ኣይትስተዩ!

ንገዛእ ርእስኹም ካብ ጸሓይ ሓልዉ!

ሽጋራ ኣይተትክኹ!

ሕቶ ኣለኒ?
ኣብ ካንቶን ሾ ንዝርከብ ትካል ናይ መርመራ ካንሰር በዚ ስዒቡ ዝርከብ ቁፅሪ ቴሌፎን ይድውል

0848 990 990

canton de vaud

Fondation vaudoise pour le dépistage du cancer

Appartenances •

ligue vaudoise contre le cancer

unisanté
Centre universitaire de médecine générale et santé publique • Lausanne

*Tigrinya*



ኣብ መጀመርታ እቲ ሕማም ዝርከብ ካንሰር፡ ናይ ምድሓን ዕድሉ ዝዓዘዘ እዩ!